ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ

ቤት ጽሕፈት ክፍሊ ዜና

حزب النهضة الإرتري

المكتب الإعلام

# Eritrean Nahda Party

## Information Office

## ኣባላት ፋጻሚት ሽማግለ ግዚያዊት መሪሕነት ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ቀዳማይ ስሩዕ ኣኼባ ኣካይዶም።





ኣባላት ፋጻሚት ሽማግለ ግዚያዊት መሪሕነት ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ብሰንበት 8 ጥሪ 2017 ቀዳማይ ስሩዕ ኣኼባ ኣካይዶም።

ብመጀመሪያ ኣቦ-ወንበር ፋጻሚት ሽማግለ ሓው ኣቡ ረያን፤ ናይ እንቋዕ ብዳሓን መጻእኩም ሓጺር ናይ መኽፈቲ መደረ ድሕሪ ምስምዑ፤ ኩሎም ኣባላት ቆጸሮኦም ሓሊዮም ኣብቲ ኣኼባ ብምርካቦም ምስጋና ኣቕሪቡ። ስዒቡ ዋና ጸሓፊ ሓው ኣቡ ስራጅ፤ መደብ ናይቲ ኣኼባ ብዝርዝር ሓቢሩ። እቶም መደባት፡- ገምጋም ኣብቲ ካብ ዕለት 29 ክሳብ 31 ታሕሳስ 2016 ዝተኻየደ ናህዳዊ ጀበርታዊ ዋዕላ፡ ንምቅልሑ ዝግበር መደባትን ከምኡ'ውን ናይ መጻኢ (6) ወርሒ

መደብ ዕዮ ቤት ጽሕፈታት ፈጻሚት ሽማግለ ኮይኖም፡ ቅድሚ ዝኣገረ ግን ዋዕላ ንምዕዋት፤ ብኣሰናዳዊት ሽማግለ ዝተገብረ ምድላዋት ብጣዕሚ ኣመስጊኖም።

እቲ ዋዕላ ብዅሉ ሸነኻቱ ዕዉት እኳ እንተነበረ፡ ንምዕቃቡ፡ ናይ ነፍሲ ወከፍ ኣባል ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ሓላፍነት ከም ሙኻኑ ኣዘኻኺሮም። ይኹን እምበር፡ ሓላፍነት ኣባላት ፈጻሚት ሽማግለ፤ ከቢድ ጾር ኮይኑ፡ ማዕረ እቲ ሓላፍነት፡ ብግቡእ ክሰርሑ ሙኻኖም መብጸዐኦም ኣሐዲሶም። ብተወሳኺ፡ ንውጽኢት ዋዕላ ኣመልኪቶም፣ ኣብ ምቅልሑ ይኹን ንጨናፍር ዝግበር መብርሂታት ብዘይ ውዓል ሕደር ክስራሓሉ ከም ዝጀመረ ሓቢሮም።

**ኣብ መጨረሽታ፡ ነቲ በቦታትን ኣሕዋትን ዝግበር ዘሎ ናይ ዕርቂ ሽማግልና ሰናይ ተበግሶ ኮይኑ፤ ንምዕዋቱ ዘድሊ ምትሕብባር ክገብሩ ሙኻኖም ኣረጋጊጾም።**

ከም ዝፍለጥ፡ ኣባላት ፋጻሚት ሽማግለ፡ ኣብቲ ድሕሪ'ቲ ዋዕላ ዝተገብረ ምርጫ ግዚያዊት መሪሕነት ዝተመርጹ ኮይኖም፡ ሓላፍነቶም ድማ ክሳብ ሳልሳይ ጉባኤ ሰልፊ ሙኻኑ ነዘኻኽር።

**ዓወት ንውጹዕ ተቓላሳይ ህዝብና**

**ውድቀት ንሰርዓት ህግደፍን ሳዓብቱን**

**ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና**

**ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ**

**ቢት ጽሕፈት ክፍሊ ዜናን ምንቅቃሕን**

**08-01-2017**